MORA KOMMUN

**ምምሕዳር** 2019-05-21

*ምምሕዳር መዋእለ-ሕጻናትን መባእታዊ ትምህርትን*

# መተኣታተዊ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት

**ሞግዚት(ወላዲ) ንዝኾንካ ዝወሃብ ሓበሬታ**

ኣብ'ቲ ስርዓተ ትምህርቲ(ካሪክለም 18) ከም'ዚ ዝብል ሰፊሩ ኣሎ:

**''እቲ ቈልዓ ዝሃብተመን ውሕሉልን ዝኾነ ዕብየት መታን ከረክብ ዝበለጸ ቅድመ-ኹነታት ምፍጣር ስለዘድሊ፣ እቲ መዋእለ-ሕጻናት ምስ'ቲ ስድራ-ቤት ጽኑዕን እምነት ዝፈጥርን ምትሕብባር ክህልዎ የድሊ።''**

ኣብ ኮሙን ሞራ ዘለዋ መዋእለ-ሕጻናት ንጡፍ ተዋስኦ ወላዲ ዘለዎ መተኣታተዊ ኣሰራርሓ ይጥቀማ።

ዕላማ ናይዚ ንጡፍ ተዋስኦ ወላዲ ዘለዎ መተኣታተዊ፡

- እቲ ቈልዓ ምስ ወላዲኡ ኮይኑ ነቲ ቦታ መዋእለ-ሕጻናት ንክለማመዶ
- እቲ ቈልዓ ኣብ መጻኢ ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ኣብ ዘየለኹሉ እዋን ውሕስነት መታን ክስመዖ ብውሑዱ ምስ ሓንቲ ካብተን መማህራን ጽኑዕ ምፍላጥ(ምቅርራብ) ንኽፈጥር
- ንስኺ ሞግዚት(ወላዲት) ናይ'ቲ መዋእለ ሕጻናት ተልእኾን(ዕላማን) ሓልዮትን ምህሮን ኩለንትናዊ ስእሊ ንኽትረኽቢ።

እቲ መዋእለ-ሕጻናት ንዓኻትኩም መጒዚታት(ወለዲ) ነቲ መተኣታእዊ መዓጽ ከም ትጅምርዎ ምሳኻትኩም ሓቢሩ መታን ክሰማማዕ ክረኽበኩም'ዩ። ስለ'ዚ ነዚ ንምስትግባር፣ ሞግዚት (ወላዲት) ንዝኾንኪ ንሓበሬታዊ ኣኼባ ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ንኽትመጺ ክትዕደሚ ኢኺ።

ክንደይ መዓልትታት እዩ መተኣታተዊ(መለማመዲ) ዘድሊ ንዝብል ሕቶ፣ ኩነታት ናይ'ቲ ቈልዓ እዩ ዝውስኖ። ብውሕዱ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልትታት እቲ ሕጻን ምሳኺ ሞግዚትን መምህራንን ካልኦት ቈልዑን ኮይኑ ኣብ'ቲ መዓልታዊ ንጥፈታት ክሳተፍ'ዩ።

ነቶም 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ዝፍቀደሎም ቈልዑ እቲ መተኣታተዊ (መለማመዲ) ሰዓታት ካብ 9.00-12.00 ይኸውን። ነቶም ካልኦት ቈልዑ ድማ ኣብ'ታ ቀዳመይቲ መዓልቲ መተኣታተዊ (መላመዲ) ሰዓታት ካብ 9.00-13.00 ክኸውን ከሎ እተን ተሪፈን ዘለዋ መዓልትታት ድማ ካብ 9.00-14.00 ይኾና።

ኣብ'ቲ እዋን ምልምማድ እቶም ንቡራት ዝኾኑ ኣሰራርሓ ኢና ንጥቀም። እታ ሞግዚት(ወላዲት) ድማ ኣብቲ ሓልዮታውን ትምህርታዊን ዝኾኑ ሓደሽቲ ንጥፈታት ነቲ ቈልዓ ጸወን(ውሕስነት) ትኾኖ። ኣብ እዋን እቲ ምልምማድ ንስኺ ምስ ውላድኪ ነጢፍኪ እንዳተዋሳእኺ ከለኺ ሰረታዊ ጸወን ትኾንዮ።

ኣብ'ቲ መተኣታተዊ(መለማመዲ) ዝግበረሉ እዋን ንስኺ ሞግዚት(ወላዲት) ካብ ሰሙን ክሳብ ክልተ ሰሙን ዝኣክል እዋን ካብ ስራሕ ይኩን ምህሮ ነጻ ክትኾኒ ትጽቢትና'ዩ።